# ክውግሕ ዩ

ክውግሕዩ እቲ ለይቲ ክቅንጠጥቲ ጸማት
መረት ከንጸባርቅ ቀጠልያ ሕብሪ ልማዓት
ያአክል ዝሓለፈ ናይ ጭቆና ስራዓት
ሓባሲ ክረክብ ናይ ህዝብና ንባዓት

ኽዕዋፍ እናዘመራ ክወፍራ ናብ መሮር
ወሓዚ ማያት ሩባሩባ ክሰራሰር
ባህሪያዊ ቡቅሊ ዕንባባ ከዝፈርፍር
ክሕጎስ ህዝብና ናብ ድልየቱ ክዋፈር

ሓረስታይ ግራቱ ክኹስኩስ
ሰላም ሰፊኑ ምህርቱ ክሓፍስ
መረት ዓደቦ ብዘይፍርሓት ክመላለስ
ገባር እከይ ይተዓገስ
ኩሉ ናብ ንብሩ ክምለስ

ያአክል ጭቆና ያአክል ዓፈና
መረቱ ተፊጉ ህዝብና
ትም ኢልና ክንሪኢ ክውረር ጉና
ካንዶ ተጸንቂቃ ሓቦ ተሰኢና

የብቀዕ እቲ ስደት እዚ ኩሉ ውርደት
ላዕልን ታሕትን ምባል ይዛዘም እቲ ከርተት
ስራዓት ገበነኛ ዋሕሱ ከዕገት
ነባሪ አይኮነን ኩሉ ጊዝየ ባዓል ሽመት

ክውግሕዩ መረት ክምለስ ዝኾብለለ
ውላዱ ክለኽ አረጊት ሽማግለ

ካብ ዓድኻ ወጼእካ ሰፈርካ ኣብ ማዕዶ

ሑጻ ምድረበዳ ኣሰር ሰብ ዘይከዶ

መነእሰይ ተዋሪድካ ከላእ ትዋረዶ

እንታይ እሞ ይግበር ወሪዱካ ጋዶ

እዚስ ሕልሚ እምበር ኣይበሃልን ግህዶ

ሎምስ ክውግሑዩ መረት ክብል በርሃው

ዝተዓጽወ ማዕጾ ክኸፈት ክረሓው

እቲ ክፉእ ዓማጺ ካብሱሩ ክመሓው

ጸሓይ ህዝቢ ክበርቅ

ሕነ ብኻ ት ክስሕቅ

ዲክታቶር ከይረክብ ዕድል

ሓድነት ህዝቢ ይደልድል

ዘለአለማዊ ዝኽሪ ንስዉአትና

ቅሳነትን ሓርነትን ንህዝብና

ልማዓትን መዕባለን ንሃገርና

**ጆርጆ ሃብተ ሳንሆዘ**

ካሊፎርኒያ.